# <u>ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መከተ ኣብ ኮሎምበስ - ኦሃዮ</u>

ተቐማጣ ኮለምበስ ኦሃዮ (ሕቡራት መንግስቲ ኣመሪካ) ቀዳም 30 ጥሪ 2010 ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኣካይዶም። ኣብቲ **ኣኼባ ሕጂ'ውን ብድሆ** ዘርእስቱ ጽሑፍ ቀሪቡ። ገለ ካብቲ ዝቐርበ ነጥብታት ድማ፦

- ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብትእዛዝ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ 2 ዓበይቲ ናይ ዓመጽ ውሳነ ኣሕሊፉ። እቲ ቀዳማይ ኣብ 1950፡ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ 2009።
- ውድብ ሕቡራት ንረብሓ ምምሕዳር ኣመሪካ ጥራይ ዘገለግልን፣ ንድልየት ኣመሪካ ዝጻረር፡ ፍትሒ ካብኡ ምጽባይ ጉጉይ እዩ።
- ጽንዓትን ተወፋይነትን ህዝቢ ኤርትራ ንዓመጽ ናይ 1950 በዲሁ ናጽነት ከምዘምጽኣ ሕጂ'ውን ብዘይ ጥርጥር ነዚ ካልኣይ ዓመጽ በዲሁ ክዕወት እዩ።

ኣኼበኛታት ኣብቲ ዝቐረበ ጽሑፍ፡ ተወሳኺ ርእይቶታትን፡ መብርሂታትን ድሕሪ ምሃብ እዚ ዝስዕብ ውሳነታት ኣሕሊፎም።

1. ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ኤርትራ መረጋገጺ ዘይብሉ ክሲ ዝመንቀሊኡ ዘሕለፎ ውሳኔ ቁጽሪ 1907/2009 ኣትሪርና ንኹንኖን እቲ እገዳ ንክስሕቦ ንጽውዕ።
2. ማሕበረሰብ ዓለም ካብ መሳርሒ ፍሉይ ሰብ ረብሓ ምዃን ተቐጢቡ ንፍትሓውን ርትዓውን ዕላማታት ደው ክብል ንምሕጸን።
3. ልዕላውነት ሃገርና ንምውሓስ ብመንግስትና ዝውሰዱ ዘለዉ ግብራዊ ስጉምትታት ብምሉኡ ንድግፍ።
4. ኣብ ጎኒ መራሕቲ ሃገርናን ሓፋሽ ህዝብናን ደው ከምእንብል ነረጋግጽ።
5. ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ልዕላውነት ሃገርና ኣብ ምውሓስ ዝገብርዎ ዘለዉ ተዋፍይነት እንዳሞጎስና፡ ሎሚ ኣውን ከም ቀደምና ብግብሪ ኣብ ጎንኹም ከም ዘሎና ነረጋግጽ።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!!!!

ሽማግለ መኸተ - ኮለምበስ - ኦሃዮ
30 ጥሪ 2010